**ቶጎሩባ 1964**

መርሓባ ቶጎርባ ናይ ቃልስና ሓበን
መጋቢት 15 ብሱሳን ኣርባዕተን
ናይ ዓወትና ቅያስ ብቕያኺ ክዕቀን
ኣመትክሉ ንጸላኢ ንኽይዕወት ኣብደን

ኣብ'ቲ ፈታኒ ውዕሎ ምስቲ ዓቢ እምባ
እንኮ ዕድል ምስኮነ ብኣፈ ሙዝ ዘረባ
ወምበዴ ኮነቶም ገረብ እምኒ ኩርባ
ኣብነታዊት ዕለት ዓወት ዝዘነባ
ኣብ ከውሒ ዝተነድለ ታሪኽ ዝንበባ

ናይ ጎበጣ ሽርሒ ብልሑ ደርቂማቶ
ምኩሕ ሰራዊቱ ሞራሉ ሰይራቶ
ዓወት ተበሰረ ዓቢ ምስ ንእሽቶ

ሃገር ናጻ ወጺኣ በቲ ከቢድ ዋጋ
ኣብ ራህዋ ሰላም ከዕይም ኩሉ ዜጋ
ሕጊ ስርዓት ክድንግግ ማዕረ ማዕረ ዲጋ
ኣይመሰሎን ዝሰገረ ናብ ዝኽፍአ ሓደጋ

ብውዲት ጸረ ሰውራ ዕላማ ከይቁጸ
ጸዋዒ ምኽሪ ጀብሃ እንከየዳመጸ
መሲሉዎ ህዝብና ካብ ጸላኢ ዝወጸ
ብንሕናን ዕላማናን ብዕሊ ዝገለጸ
ባሕርን ምድርን ብዘይ ህዝቢ ንኽምድምድ ዝመጸ
እነሆ ብተግባር ከም ህዝቢ ይላጸ

ኣቱም ተቓለስቲ ናይ ትማል ኣብነት

ዓድኻ ክዝመት'ዶ ዓይንኻ ይዕመት

ብሂወት እናሃለኹም ታሪኽኩም ክርፍተት

ዘይንታይኩም ትሪኡዎ ናይ ህዝብኹም ኣውያት

ዝሞተ'ዩ ዘጽቅጥ 'ቲ ዘይብሉ ሂወት

ዓገብ ንሕልናኹም ዝጠለመ ስዋኣት

ዓዲ እናጠፍአ ምጉጅጃል ተሕተ-ሃገር

ብሃይማኖት ዓሌት ብኣውራጃ ብሄር

ሓይልኻ ንዘዳኽም ሓድነትካ ትመታተር

ቀንዲ ጉዳይ ገድፍካ ተቐድም ዓል ነገር

ብታሪኽ ከይትሕተት ጽባሕ ከይትሓፍር

ኣብ ሃዋሁ ምስቁንቋን የብሉን ቁምነገር

ወራር ኣትዩናሎ ድኻምና ኣጽኒዑ

ኤርትራውነት ክሃጅም ዝዓጠቐ ኣንዳዕዲዑ

ተላባሲ ቫይረስ ዘጥቅዕ ለኪዑ

ኣብ ምንታይካ ይለክፍ ውጥኑ ሰሊዑ

ሓድነት'ዩ ሓይልና ኣይትዘንግዑ

መድሕን ኤርትራና ፍቕሪ ሓድሕድ ኣጽንዑ